Kanton Zürich
Bildungsdirektion
Volksschulamt
Pädagogisches, Lehrplan 21

Kontakt: Projekt Lehrplan 21, Projektleitung, Walchestrasse 21, 8090 Zürich
Telefon 043 259 22 99, lehrplan21@vsa.zh.ch

Tigrinya

ዝርርብ ምስ ወለድን ምስከር ወረቐትን (ባጀላ)። መዋእለ ህጻናትን ነይን 2ይን ክፍሊ መባእታ ቤትምህርቲ (ነይ ዙር)

ሓበሬታ ንወለድን ሕጋዊ መዕበይትን

ምስትምሃርን ምምሃርን ምግምጋምን

አብ ናይ መጀመርያ ናይ ትምህርቲ ዓመታት እቲ ትምህርቲ ብዕቱብ አብ ምዕባለ ናይቶም ህጻናት የተኩር። ጸወታ አብ ከይዲ ትምህርቲ ሓደ ዝዓበየ ትርጉም አለዎ: ከምኡውን ዝዓበየ ክፋል ናይቲ ትምህርቲ ኢዩ። አብ እዋን መዋእለ ህጻናትን አብ መጀመርያ ናይ መባእታ ቤትምህርቲ ዓመታትን: ተማሃሮ ኣቐዲሙ ብዝተዳለወ: ካብ ግዜ ናብ ግዜ ዕምቀት እንዳገበረ ዝኸይድ ትምህርቲ ይቐስሙ።

ዕዉት ናይ ምምሃር ከይዲ: ምስትምሃርን ምምሃርን ምግምጋምን የጠቓልል። መሰረት ምምሃር: አብ መደብ ትምህርትን አብ ቀረብ መምሃሪ ነገራትን ይምርኮስ። በዚ መሰረት መማህራን ብጸወታን ብካልእ ናይ ትምህርቲ ሜላታትን: አሰልጮዊ ዘይኮነ: ተቐያያሪ ናይ ትምህርቲ መደብን ዕላማን የውጽኡ። መማህራን ተማሃሮ ናቶም ዓቕሚ ንኸደንፍዑ ብዝተፈላለየ መንገዲ ይድግፉዎምን ነቲ ዝተማሃርዎ ንኸተግብርዎ ድማ ትጽቢት ይገብሩሎም። አብ ከይዲ ትምህርቲ ንተማሃሮ ብብዙሕ መንገዲ የሰንዩን ከምዝስነዩ ይገብሩን: ከምኡውን ተማሃሮ ንዝገብርዎ ዕቤት አብ ትምህርትን: ንጥፈታቶምን: ባህርያቶምን: ይገልጹሎም። እቲ ንተማሃሮ ዝወሃብ ርእይቶ ቀንዲ አብ ሓያል ጎኒ ነፍስ ወከፍ ህጻን ዝተመስረተ ኢዩ። እቲ ርእይቶ ሃናጽን አተባባዕን ኢዩ። እቶም ርእይቶታት ነጥበ መቐይሮ ናይ መጻኢ ትምህርቲ ይኾኑ። መማህራን ካብ እዋን ናብ እዋን ተማሃሮኦም እቲ ዝተደለየ ክእለትን ናይ ትምህርቲ ዕላማን ከምዘማልእዎ ይምርምሩ። ነዚ ንኣብነት ብትዕዝበቲ አጸዋውትኦምን: ብምቁጽጻር አብ እዋን ትምህርቶምን (ብመርመራ): ብምይይጥን የተግብርዎ።

ዝርርብ ምስ ወለድን ምስከር ወረቐትን (ባጀላ)

አብ መዋእለ ህጻናትን አብ ነይ ክፍልን: ተማሃሮ ነጥቢ ዘለዎ ምስከር ወረቐት (ባጀላ) ኣይውሃቦምን ኢዩ። ካብ 2ይ ክፍሊ ጀሚሮም ተማሃሮ ነጥቢ ዘለዎ ምስከር ወረቐት ይውሃቦም።

መዋእለ ህጻናትን ነይ ክፍልን

አብ መዋእለ ህጻናትን አብ ነይ ክፍልን: ክልተ ዝርርብ (ምይይጥ) ምስ ወለዲ ወይ ሕጋዊ መዕበይቲ ይግበር (ከም ግቡእ ሓደ ዝርርብ አብ ፈፍርቂ ዓመት)። ሽዑ ብዛዕባ እቲ ህጻን ዘለዎ ደረጃ ትምህርትን ኩነታት ምዕባሊኡን ዝርርብ ይገበር። እቲ መምህር ነዚ ዝምልከት ቆጸራ ንኸዳሉ ሓላፍነት አለዎ። እቲ ዝርርብ ዝካየድ: ብአረአእያ ወለዲ ወይ ድማ ብአረአእያ መምህር አድላዩ ምስ ዝኸውን ኢዩ።

አብ መዋእለ ሕጻናት: መምህር እንተ ተሰማሚዑሉ: ወለዲ ነቲ ካልኣይ ዝርርብ ከይተገብረ ክገድፍዎ ይኽእሉ ኢዮም።

ሓደ ፍሮም ናይ ምስክር ወረቐት አሎ። ወለዲ ብፈርማኦም እቲ ዝርርብ ከምዝተገበረ ወይ ድማ እቲ ካልኣይ ዝርርብ ከምዝገደፍዎ የረጋግጹ። እቲ ፎርምታት አብ መዝገብ ይዕቀብ። አብ መወዳእታ ናይ መዋእለ ህጻናትን አብ መወዳእታ 1ይ ክፍልን ድማ እቲ መዝገብ ንወለዲ ይውሃቦም። እቲ ቆልዓ ግቡእ ትምህርቲ ከምዘማለአ ንምርግጋጽ: ቅዳሕ ናይቲ ፎርምታት አብ ምምሕዳር ንይቲ ቤትምህርቲ አብ ፋይል ይትሓዝ።

2ይ ክፍሊ ናይ መባእታ ቤትምህርቲ

አብ እዋን 2ይ ክፍሊ መማህራን ንተማሃሮኦም አብ መወዳእታ ጥርን አብ መወዳእታ ናይቲ ዓመትን ነጥቢ ዘለዎ ምስክር ወረቐት (ባጀላ) ይህብዎም። እቲ መሰረት ናይዚ ነጥቢ ድማ እቲ ቀጻሊ (አብ መዓልታዊ ትምህርቲ) ዝግበር ገምጋም ብዛዕባ እቲ ተማሃራይ ኢዩ። አብ 2ይ ክፍሊ ንጀርመንን ቁጽርን ጥራይ ኢዩ ነጥቢ ዝውሃብ። አብ ምስክር ወረቐት ናይ መወዳእታ ዓመተ ትምህርቲ: ነጥቢ ናይ ጀርመን ብመሰረት ገምጋም ክእለት ምስማዕ: ክእለት ምንባብ: ክእለት ዘረባን ክእለት ምጽሓፍን ይውሃብ።

ብፍሉይ ምኽንያታት ነጥቢ ከይተዋህበ ክግደፍ ይኽአል።
ነጥቢ ካብ 6 ክሳብ 1 ኩይኑ: ነቲ ናይ ትምህርቲ ዓይነት ውጽኢትን ክእለትን ናይ ተማሃራይ ይገልጽ። እቲ ውጽኢት ድማ: ተማሃሮ እቲ አብ ቀዳማይን ካልኣይን ፍርቂ ዓመተ ትምህርቲ ከማልእዎ ዝግብኦም ዕላማ በኸመይ ደረጃ ከምዘማልእዎ ይገልጽ። እቲ አብ ምስክር ወረቐት ዝውሃብ ነጥቢ ብመሰረት ገምጋም ናይ መምህር ኢዩ ዝውሃብ። ገምጋም ውጽኢት ናይቲ ዝገበርዎ ፈተናታት ጥራይ ኣይኮነን። እቲ መምህር አብ እዋን ገምጋም: ዝተፈላለየ መወከስን ምንጭን ሓበሬታ ይጥቀም:- ንኣብነት ናይ ቃልን ናይ ጽሑፍን ፈተና: ተማሃሮ ብዝጸሓፍዎ ጽሑፍን: አብ ክፍሎም ብዘቐርብዎ ጽሑፍን (መደረ): ብትዕዝብትን: ከምኡውን ተማሃሮ አብ እዋን ትምህርቲ ብዝገበርዎ መነታትን ምይይጥን።

ነጥቢ ናይ ባጀላ ብዝስዕብ መሰረት ይውሃብ/ይግለጽ:-

[ነጥቢ]	6	5	4	3	2ን 1ን
	ብጣዕሚ ጽቡቕ	ጽቡቕ	እኹል	ዘይእኹል	(እዚዩ) ድኹም
መምዘኒ ነጥቢ	ተማሃራይ/ትማሃራት				
ምምላእ ዕላማ ትምህርቲ	ንዝበገሐ ክብጻሕ ዝግብኦ በዳሂ ዝኾነ ዕላማን ክእለትን ብርግጽ የማልእ	ኩሉ ክብጻሖ ዝግብኦ ዕላማን ክእለትን የማልእ: ሓደ ሓደ በዳሂ ዝኾነ ዕላማ ትምህርቲ የማልእ	ንዝበገሐ ክብጻሕ ዝግብኦ መሰረታዊ ዕላማ ትምህርቲ የማልእ	ብዙሓት ክብጽሑ ዝግብኦም መሰረታዊ ዕላማታት ትምህርቲ ገና አየማልእን	ሙበዛሕቶኦም ክብቶም ክብጽሑ ዝግብኦም መሰረታዊ ዕላማታት ትምህርቲ አየማልእን
ምምላእ ሕቶታትን ዝተወሃበካ ዕዮን (ክእለት)	ንኹበድቲ ዕዮታት/ሕቶታት ኩሉጊዜ ብልክዕ ይፍጽም/ይምልስ	ንኹበድቲ ዕዮታት/ሕቶታት ዝበዝሕ ግዜ ብልክዕ ይፍጽም/ይምልስ	ንመሰረታዊ ዕዮታት/ሕቶታት ከምዝድለ ጌሩ ይፍጽም/ይምልስ	ንመሰረታዊ ዕዮታት/ሕቶታት ከምዝድለ ጌሩ አይፍጽምን/አይምልስን	ንመሰረታዊ ዕዮታት/ሕቶታት ፈጺሙ አይፍጽምን/አይምልስን

አብ እዋን ገምጋም: ከፋል ናይቲ ነጥቢ ዘይኮኑ ነገራት አለዉ። ንኣብነት እኹል ዘይኮነ ወይ ልዕሊ እኹል ተሳታፍነት አብ እዋን ትምህርቲ: ብንጥፈት ምስታፍ ውይ ድልየት ትምህርቲ ዘይምርአይ: ጽፈት ዘለዎ ወይ ጽፈት ዝጎደሎ ስራሕ:

ዘተአማምን ወይ ዘየተአማምን አሰራርሓ። እዞም ተጠቒሶም ዘለዉ ንጥፈታት አብ ካልኣይ ገጽ አብ ትሕቲ ስራሕን፡ ጠባይ አብ ትምህርትን ከምኡውን ማሕበራዊ ክእለትን ዝብሉ አርእስትታት ይግለጹ።

እቶም ዝተፈላለዩ ናይ ምስክር ወረቓቕቲ አብ ሓደ ፋይል ይቕመጡ። እቲ ፋይል በቲ ናይታ ክፍሊ ሓላፍነት ዘለዎ መምህር ይዕቀብ። ትምህርቲ አብ ዝቕይረሉ እዋን ወይ አብ መወዳእታ ናይ መባእታ ቤትምህርቲ ፡ እቲ ፋይል ንተማሃራይ ይውሃብ።

ገምጋም ብዛዕባ አሰራርሓን፡ አመሃህራን (ምጽናዕ) ከምኡውን ማሕበራዊ ክእለት ናይ ተማሃራይ በርባዕተ ደረጃታት ተኸፊሉ ይፍጸም። ከም ልሙድ እቶም ተማሃሮ አብ ካልኣይ መስመር ብጸጋም (ጽቡቕ) እዮም ዝግምገሙ።

ተወሳኺ ሓበሬታ ብዛዕባ ገምጋምን፡ ምስክር ወረቐትን፡ ወሳኔታት አብ ከይዲ ትምህርትን አብዚ አድራሻ ኢንተርነት ክትረኽቡ ትኽእሉ።

www.zh.ch/zeugnisse-volksschule